## መግለፂ ማሕበር ተጋሩ ሰሜን ኣሜሪካ
## ንመበል 32ዓመት በዓል ለካቲት 11

ናይ ህዝብታት ብሂራዊን ደርባዊን ወፅዓታት ካብ ስረ መሰረቱ ንምንቃል ፈላማይት ርችት ሓርነት ደሚቓ ካብ ኣፈሙዝ ጀጋኑ ደቂ ህዝቢ ትግራይ ዝተተኮሰትላ ፋና ሓርነት ዝተወልዐትላን ዕለት ለካቲት 11 ኩሉ መዳያዊ መሪር መስዋእትነት ተኸፊሉላ ኣብ'ዚ ሎሚ በፂሕናዮ ዘለና መድረኽ ኾይንና ብኹርዓት እንትነኽብር ዘለናሉ መዋእል ፍሉይን ታሪኻዊን ምኻኑ ንኹልና ግሁድ'ዩ፡፡እዚ ማለት ድማ ብሓደ ወገን

- ናይ ሃገርና ኢትዮጵያን ህዝባን ሰላም ክጠናኸር፣ፍትሒን ዴሞክራሲን ክጉልብትን ሰናይ ምምሕዳር ክዓስልን ናይ ኩሎም ሃገራዊን ከባቢያዊን ፍልፍል ፀገማትና ዝኾነ ድኽነትን ንምጥፋእ ፍሉይ ጠመተ ተዋሂብዎ ኣብ ዝስርሐሉ፣

- ኢትዮጵያ ኣብ ሓፂር እዋን ተርእዮ ብዘላ ኩለመዳያዊ ለውጥታት ዓለምለኽ ትካላት ወሃብቲ ሓገዝ ኣድላይ ዘበለ ሓገዛትን ዕዳ ስረዛን ይገብሩላ ኣብ ዘለውሉን ኢትዮጵያ ፀረ-ቀሳፊ ሕማም ኤች ኣይቪ እትገብሮም ዘላ ርብርብ ካብ ኣፍሪካ ብመርኣያነት ትጥቀስ ምኻና ኣብ ዝተገለፀሉ፣

- ካብ ኩሉ ኸባቢታት ዓለም ተፀዋዊያም ኣብ ሶማሊያ ብምትእኽኻብን ብምጥንኻርን ዓለም ለኽ ራዕዲ ንምፍጣር ዝገብርዎ ዝነበሩ ምንቅስቓስ ብሰላማዊ ድርድር ንምፍታሕ ዘይሕለል ፃዕሪ ድሕሪ ምክያድ ብዘይምስኽዑ ጀግና መከላከያ ሰራዊት ኢትዮጵያ ተራእዩ ብዘይፈልጥን ዓለም ብዘስደመመ በርቃዊ መጥቃዕቲ ኣብ ሓፂር ጊዜ ካብ ምድሪ ሶማልያ ኣብ ዝፀራረገሉን ታሪኽ ባዕሉ ኣብ ዝደገመሉን ንውሕሉል፣ዕንዓታዊን ንፀላኢ ካብ ህዝቢ ነፂልካ ናይ ምውቃዕ ኣካይዳ ኣመራርሓ መንግስቲ ኢትዮጵያ ዓለም ለኽ ናእዳን ኣድናቖትን ብምሕፋስ ናይ ሃገርና ዲፕሎማሲያዊ፣ፖለቲካዊን ኢኮኖሚያዊን ገፅታ ብዝተዓፃፀፈ ብርኪ ኣብ ዝለዓለሉን ንሕና'ውን በዚ ተኣምራዊ ስርሒታት ኩርዓትን ሓበንን ኣብ ዝሰነቕናሉ፣

- ተቓወምቲ ሓይልታት ብፖለቲካዊ መስመርን ዕላማን ብሰላማዊ መንገዲ ተይኮነስ ብተራን ድሑርን ፅልኣትን ብምድንጋርን ኣለዓዒሎምዎ ዝነበሩ ናይ ውሽጢ ዓዲ ብፍላይ ድማ ናይ ወፃኢ ነባራይ ኢትዮጵያዊ (ሳይለንት ማጆሪቲ) ብዝሰኸነ መንፈስ እናረኣየ ክልተሻዕ ምሕሳብ ኣብ ዝጀመረሉን እናተነፀሎም ኣብ ዝኸደሉን፣
  ብኻሊእ ወገን ድማ

- ብመሰረት ሕገ-መንግስቲ ኢትዮጵያ ብዴሞክራሲያዊ ኣገባብ ተወዳዲሮም ኣብ ፓርላማ ዝኣተዉ ተቓወምቲ ውድባት'ውን እንተኾነ ምእንቲ ሉኣላዊነት ሃገሮም ቅኑዕ መርገፂ ምውሳድ ሓርቢትዎም እንትገላበጡ ኣብ ዝተራእዩሉ፣

- ናይ ውሽጢ ዓዲ ተቓወምቲ ውድባት ኢና በሃልቲ ምስ መንግስቲ ሻዕቢያን ካልኦት ባዕዳን ፀላእትናን ገሊኦም ብቐጥታ ገሊኦም ድማ ብተዘዋዋሪ ብምትእስሳር ናይ ሃገርና ምብትታንን ዕንወትን ንምቅልጣፍ ተረባሪቦም ግናኸ ንሳቶም'ውን ከም ጎይተቶም ሓቢሮም ኣብ ዝተደኩዑሉ፣

- ዓለም ለኸ መሸበርቲ ብስም ሸንጎ እስላማዊ ቤት ፍርዲ ተኣኻኺቦም ጎረቤት ሃገርና ሶማልያ ከም መዋፈሪ ተጠቒሞም ናይ ሃገርና ሰላምን ልምዓትን ንምዕንቃፍን ጥቕዓት ንምብፃሕን ዝሓልምዎ ዝነበሩ ሕልሚ ቐትሪ ከም ግመ ኣብ ዝበንነሉን መድረኽ ኮይንና ኢና በዓል ለካቲት 11,2007ን እነኽብሮ ዘለና እዚ ድማ ብሓፈሻ መስዋእትነት ኣሽሓት ጀጋኑ ተጋሩ ደቂ ህዝቢ ፍረኦም ዓወት፣ምዕባለ፣ፍትሒን ዴሞክራሲን ሓድነትን ማዕርነትን ህዝብታትን ብሄራትን ኮይኑ ብቕላዕ ዝተረጋገፀሉን መስዋእትነቶም ዘላለማዊ ሓበንና ምዃኑ'ዩ ዘርእየና፡፡በዞም ኣብ ላዕሊ ዝተጠቐሱ ሓቅታት መሰረት ማሕበር ተጋሩ ሰሜን ኣሜሪካ ኣብ ኩሉ ሽባቢ ሰሜን ኣሜሪካ ንዝነብር ትግራዋይ ደቀቕቲ ናይ ኣራእያ ኣፈላላያቱ ንጎኒ ብምግዳፍ ሓድነቱ ኣደልዲሉን ምስ ማሕበሩ ተደጋጊፉን ንኽቕፅልን ከምኡ'ውን

1. ኣብ ሃገርና ኢትዮጵያ ብሓፈሻ ኣብ ትግራይ ድማ ብፍላይ ናይ ፍትሒን ዴሞክራሲን መሓውራት ምጥንኻር፣ሰናይ ምምሕዳር ምድልዳል ዝግበር ዘሎ ኩለመዳያዊ ርብርብ ዓቕምና ዝፈቐዶ ኩሉ ንምግባር ተጋሩ ነበርቲ ሰሜን ኣሜሪካ ሓድነትና ኣደልዲልና ንኽንሰርሕ፣

2. ብፍላይ ድማ ሃገርና ካብቲ ንዘመናት እናሓሰያ ዝመፀ ከርፋሕ ድኽነትን ፖለቲካዊን ማሕበራዊን ፀገማት ንምውፃእ እትገብሮ ዘላ ፃዕሪ ንሕና ኣብ ወፃእ እንነብር ተጋሩ ናይ ሃገርና ኣዎንታዊ ገፅታ ዓለም ክፈልጦ ንምግባር ዘለና ዓቕሚ ኣዋዲድና ኣብ ሃገርና ኢንቨስትመንት ንምግፋሕን ዘሎ ምችው ኩነት ክነርድእን ንባዕልና'ውን ክንጥቀመሉ፣

3. ናይ ትምክሕቲ ሓይልታት ናይ ፅልኣት ፕሮፖጋንዳ ንምምካትን ንኻልኦት ኢትዮጵያውያን ኣሕዋትናን ኣሓትናን ጭቡጥ ሃገራዊ ኩነታት ንኽፈልጡ ዘይሕለል ፃዕሪ ክንገብርን ድልዱል ምትእስሳር ንምፍጣር ክንሰርሕ፣

4. ሃገርና ምስ ኩሎም ጎረባብቲ ዓድታት ሰላማዊ፣ኣብ ምትሕግጋዝን ምትሕልላይን ዝተመስረተ ማዕርነታዊ ዝምድና ከምዘለዋ በዚ መሰረት'ውን ህዝብታት ሶማልያን ኤርትራን ፈተውቲናን ኣሓትናን ምዃኖም መራሕቲ መንግስቲን ህዝቢን ፈልዩ ብዘርኢ መንገዲ ክንሰርሕን ፀረ-ኹሎም ፍልፍል ሽበራ ዝኾኑ ሓይልታት ኣትሪርና ክንቃለስን፣

5. ዓሰርተታት ኣሽሓት ክቡር ህይወቶም ዝገበሩሉ ዕላማታት ምስፋን ሰላም፣ምጉልባት ፍትሒን ዴሞክራሲን ምጥፋእ ድኽነትን ምጥንኻር ልምዓት ሃገርን ንኽሳኻዕ ገና ጉዕዞ ነዊሕ ርሕቐት ስለዝፅበየና ኩለና ተጋሩ ኢድ ንኢድ ተተሓሒዝና ሕድሮም ከየዕበርና ንኽንቅበል ንኹሉ ትግራዋይ ነባራይ ሰሜን ኣሜሪካ ብስም ማሕበር ተጋሩ ሰሜን ኣሜሪካ ናይ ክብሪን ህዝባዊ ፍቕሪን ፃውዒትና ነቕርብ፡፡

ዘልኣለማዊ ዝኽሪ ንስዉኣትና!!!
ሓድነት ትግራዋይ ውሕስነት ብሩህ ተስፋ ትግራይናዩ!!!

ማሕበር ተጋሩ ሰሜን ኣሜሪካ
ዋሽንግተን ዲሲ
February 1,2007